# ኤርትራ፣ ምድሪ ባሕሪ
# ሓምሻይ ምዕራፍ
# ሓንካስ ተበግሶ

4



ደራሲ – ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ

ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ሓይልታትን ሰልፍታትን፡ ዝካየዱ ፖለቲካዊ ንጥፈታት፡ ኣውራ ኣብ መንጎ'ቶም ደገፍቲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ክህሉ ዝኽእል ሓባራዊ ኣጠማምታን ኣረዳድኣን፡ ካብ ሃንደበትነትን ዘይምዱብ ስራሕን ክርሕቁን ክውጉዱን ናይ ግድን'ዩ ዝኸውን። እዚ ድማ ኣብ ሓባራዊ ርክባት ክንጸር ኣገዳሲ'ዩ።
ይኹን'ምበር፡ ዝምድናታት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ከም'ቲ ዝድለ ብዘይ ምንባሩ፡ ሃምን ቀልብን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ንምድኻምን ንምህሳያን ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ እንተ ዘይኮይኑ፡ ንረብሓ ህዝብን ሰውራን ክትጽዕርን ክትሰርሕን፡ ካብ መፈላምታኡ ኣይተራእየትን። ስለ ዝኾነ፡ ንምእራም ተባህሎም ብቑኑዓትን ንጹሃትን ኤርትራውያንን ወጻእተኛታትን ዝተወስዱ ተበግሶታት፡ ኣብ ጭቡጥ ፍረ ክበጽሑ ኣይከኣሉን።
ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ካብቶም ብዛዕባ ኤርትራ ዝግደሱ ብምንባሩ፡ ዕድልን ባይታን ኣብ ዝረኸበሉ፡ ምስ ኤርትራውያን ይኹን ሱዳናውያን ደገፍቲ ርእይቶኡን ሓሳባቱን ክገልጽ ከሎ፡-"ኣብ መንጎ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ፍልልያት ክህሉ፡ ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ጸለመ ምክያድ፡ እንተ ኸኣለት'ውን ብረት ኣልዒላ ንኻልኦት ክትቕንጽልን ግቡእ ድዩ?" ዝብሉ ካብቶም በብእዋኑ ዘልዕሎም ሕቶታት ነበሩ።

ቀጺሉ'ውን ማሕጁብ ኣልጀዓሊ፦"ቅኑዓት ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ዝተወፈና ኢና እንተ በሉ፡ ንዝነበሮም ሽግራትን ጸገማትን ምኽንዩ ክገብሩዎ ብዝኾነ መልክዕ ዝከኣል ኣይነበረን። ክልቲኦም፡ ንኹሎም ኤርትራውያን ዘዕግብ ሰውራዊ ተቓላሳይ፡ ፖለቲካዊ ውድብ ብሓባር ክፈጥሩን ኣብኡ ክዋስኡን ቅኑዕ ተበግሶ ክወስዱ ኣይከኣሉን።" ክብል ይፍትን ነበረ።

ክልቲኦም ውድባት፡ ኣብ ምውድዳር፡ ውልቃዊ ረብሓታት ኣብ ምኽዕባት፡ ምጽላም፡ ምሕሳው፡ ዘይናትካ ምድላይ፡ ዘሎካ ሓይሊ እንተላይ ናይ ወጻኢ ደገፍ ተጠቒምካ ንኣንጻርካ ምጥቃዕ እንተ ዘይኮይኑ፡ ሓባራዊ ፖለቲካዊ ስርሓት ከማዕብሉን ከድንፍዑን ኣይኽኣሉን። እቲ ብኽምዚ ብዝያዳ ዝሕመ ውድብ እንተሎ፡ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ከም ዝኾነ፡ እምነት ማሕጁብ ኣልጀዓልን ካልኦት'ውን ነበረ።

ከምኡ'ውን ማሕጁብ ኣልጀዓሊ ብዛዕባ ዝምድናታት ክልቲኣን ውድባት ብዝያዳ ብዝስዕብ፦"መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ነቲ ብኣርባዓታት ዘጋጠመ ኣሉታዊ ተመክሮ ብኽመይ ክውገድን ካልኣይ ግዜ ከይድገምን፡ ዝኾነ ዝጭበጥ ጻዕሪ ኣየካየደትን። ኣባላትን ደገፍቲ ክልቲኦም ወገናት ድማ፡ ነቲ ኣብ ኣርባዓታት ዝተራእየ ንኸይድገም ክጽዕሩ፡ ካብ ፖለቲካዊ ውድድራት ክርሕቁ፡ ንጸወታታት ጸላእቲ ዕድል ከይህቡ፡ ሃይማኖታዊ፡ ኣውራጃውን ቀቢላውን ፍልልያት ከውግዱ፡ ንኹሎም ኤርትራውያን ብማዕረ ክርእዩ ዝብሉ ኣምራትን ሓሳባትን ከተግብሩ ወይ ክቕየዱ፡ ባይታን ዕድልን ስለ ዘይተዋህቦም ኣወንታዊ ተራ ክጻወቱ ኣይከኣሉን።"ኣብ በበይኖም እዋናት ክገልጽን ክሕተትን እኳ እንተ ፈተነ ጸማም እዝኒ ጥራሕ'ዩ ዝረክብ ዝነበረ።

እቲ ኩሉ ብማሕጁብ ኣልጀዓሊ ዝቐርብ ዝነበረ ኣብ ጭቡጥ ዝተመርኮሰ ክንሱ፡ መራሕቲ ፖለቲካ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ይኹኑ፡ መራሕቲ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ'ውን ከይተረፉ፡ ካብ ናይ ኣርባዓታት ፖለቲካዊ ሃዋሁ ክመሃሩ ድልየት ስለ ዘይነበሮም፡ ኣብ ነንሕድሕድካ ብኽመይ ትቆራቖስን ትተሃናኾትን እንተ ዘይኮይኑ፡ ንኣባላትካ ብዛዕባ ምዕባለታት ሰውራ ከተረድእ፡ ክተምህርን ከተንቕሕን ዝብሉ ቁቡላት መትከላት ኣይናቶምን ነበሩ።

ኩነታት እናተሓላለኸ ምስ መጸ፡ ኣብ ሱሳታት፡ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ይኹን ኣብ ደገ፡ ደገፍ ምሁራት ብፍላይ ኣብ ሃገራት ዓረብ፡ ኣውራ ድማ ኣብ ሃገረ ግብጺ ንምርካብ እናጸዓረት፡ ብጸቢብ ረብሓ ተደፋፊኣ፡ ንምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ከም ዴሳዊ፡ ተጻራሪ ዓረባዊ መንነት፡ ጸላኢት ሰዓብቲ ምስልምና ወ.ዘ.ተ. ዝብሉ ጸለመታት ከተዘውትር ተራእየት። ካብ'ኡ ሓሊፋ ድማ፡ ነቲ ብኣባላት ፖሊስ ኤርትራን ገለ ኣብ ኣብያተ-መንግስቲ ዝሰርሑ ዝነበሩ ኣባላት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ዝውፈ ዝነበረ ገንዘባዊ ሓገዝን ኣበርክቶን ከተነኣእስን ክትጻባእ'ውን ኣይሓነኸትን።

መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ'ውን ከም'ቲ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ እትሕመዮ ኣይኹን'ምበር፡ ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብሕውነታዊ፡ ናይ ቃልሲ ምሕዝነት ከይተቐየደት፡ ንመራሕቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብሃይማኖታውነትን ኣውራጃውነትን ክትኽስስን ከተጸልምን ድሕር ኣይበለትን።

ምስ ኩሉ ሕድሕዳዊ ጸለመታት፡ ክልቲኦም ውድባት ነፍሰ-ወከፎም፡ ንነብሱ ከም ሓያል፡ ንዝደልዮ ዋላ'ውን ምስ ሃገራዊ ረብሓ ዝጻረር ከተግብር ከም ዝኽእል፡ ካብ ዝብል ዓሚቐ ድሑር ስምዒት ነጻ ክኾኑ ኣይከኣሉን።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ኣዋጂት ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ 1961 ኢ.የ፡ ኣንጻር ኢትዮጵያ ብረታዊ ቃልሲ ዘካይድ ውድብ'የ እንተ በለት፡ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ድማ ብኣሉታዊ ውድድር ተደርኺ፡ ነቲ ንብዙሕ እዋናት ከይገለጸቶን ኣብርሃቶን ዝጸንሓት ፖለቲካዊ ዕላማን መደብ ኣተገባብራ ሃገራዊ ሓድነትን ረሲዓ፡ ብ1965 ንናጽነት ኤርትራ ንምርግጋጽን ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን ክሕግዝ ዝኽእል ሓደ ጡሙር ፖለቲካዊ ፕሮግራም ኣለኒ እንተ በለት፡ ኩሉ ሓቅነት ተሳእኖ። እቲ ብቐንዱ ዝተሃሰየ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ከም ዝኾነ፡ ናይ ኹሉ ትዕዝብቲ ከም ዝነበረ ዝርሳዕ ኣይኮነን።

ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ምብራቕ ሱዳን፡ ኣብ ከሰላ፡ ገዳርፍን ፖርት-ሱዳንን ብዙሓት ኤርትራውያን ሕቶ ሃገራዊ ሓድነት ኤርትራ ከም ሓደ ኣገዳሲ ሕቶ እኳ እንተ ኣልዓሉን እንተ ኣመኑን፡ ኣብ ክልተ ተመቓቒሉ። ገለኦም ደገፍቲ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ፡ ገለኦም ድማ ደገፎም ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ይህቡ ከም ዝነበሩ ዘይካሓድ ሓቂ'ዩ ነይሩ። ብሰንኪ ህልኽን ምውድዳርን ብዙሕ ሓቅታት ድማ ይቕበር ነበረ። ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ሃዋሁ፡ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ከም ልሙድ ኣብ ዝውንና እንዳ ሻሂ ኮፍ ኢሉ እንከሎ፡ ምስ ጣሂር ኣቡፋስ ዝተባህለ ብኣጋጣሚ ተራኺቡ ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥን፡ ተቐዳድሙ፡-“መርሓባ'ዚ ሓወይ ካበይ መጺእኻ?” ክብል ሓተቶ።

ጣሂር ኣቡ ፋስ ተቐቢሉ፡-“ኣነ ኤርትራዊ ሱዳናዊ ዜግነት ዘሎኒ ሰብ'የ። ቅድሚ ሕጂ ምስ'ታ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዓስክራ ዝነበረት ወተሃደራዊት ኣሃዱ ሰራዊት ሱዳን፡ ከም ወተሃደር ኣገልጊለ። ምስቶም ቀዳሞት ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ድማ ተጸንበርኩ። ሕጂ ኸኣ ስድራ ክርኢ ዕርፍቲ ወሲደ ኣብ'ዚ ኣብ ከሰላ ኣለኹ…” ዘረብኡ ከይወደአ፡ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ኮለፎ፡-“ምስ ቀዳሞት ክትብል ከሎኻ እንታይ ማለት'ዩ፡ ኣይተረዳኣንን? ምስቶም ኣብ መጀመርታ ናብ ሓምድ ዓዋተ ዝተጸምበሩ ዲኻ?” ክብል ብተገዳስነት ሓተቶ።

ኣቡ ፋስ ብወገኑ፡-“ኣብ 1963 ቅድሚ ኣኼባ ኩር [1] ተሰሊፈ።”

ብዘይ ምውልዋል መለሰ።

ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ጽንሕ ኢሉ ድሕሪ ምስማዕ፡-“ክራኸበካን ክፋለጠካን ናይ ብሓቂ ሕጉስ'የ። ብስንኪ ኣብ መንጎ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን እንሰምዖ ደስ ዘየብል፡ ቤላ-ቤላው እናተናውጽና ንነብር ኣሎና። ፍቓደኛ እንተ ኾንካ ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ዘይርጉጽ ሓበሬታ ክትነግረኒ እፈቱ።” ዝነበሮ ሻቕሎት ከበርህ ፈተነ።

ጣሂር ኣቡ ፋስ ነቲ ናይ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ሕቶ ክምልስ ፍቓደኛ ብምንባሩ፡-“ብመጀመርያ ክብሎ ዝደል እንተሎ፡ እቲ ኣብ መንጎ መራሕቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ዘሎ ዘይምርድዳእ፡ ብወገነይ ትርጉም ዘለዎ ከም ዘይኮነ ከረጋግጸልካ እፈቱ። ክንርድኦ ዘሎና እንተሎ ድማ፡ ንኹላህና ብዘይ ንሕስያ ዝብድህ ጸላኢ ከም ዘሎ ክንርስዕ የብልናን። ጸላኢ ንዝኾነ ኤርትራዊ ይንፋዕ ይሕመቕ ብሓደ ዓይኒ ስለ ዝጥምተና፡ ድኹማትን ውዱቓትን ዝኾኑ ኤርትራውያን ኣኻኺቡ ከም ሰለይቲ ክጥቀመሎምን ክቆጽሮምን ተበጊሱ ከም ዘሎ ከነስተውዕሉ ዝግበኣና ሕቶ'ዩ ክብል ኣፍቅደለይ።” ንማሕጁብ እናጠመተ ትርጉም ዘለዎ ዘረባ ኣስመዐ።

---

[1] ኩር፡ ኣብ ባርካ ዝርከብ፡ ቅድሚ ምምስራት ወተሃደራዊ ክፍልታት ኣኼባ ዝተኻየደሉ ሽም ቦታ'ዩ ።

ማሕጁብ ኣልጃዓሊ፡-“ሓሳባተይ ብዛዕባ እንነብሮ ዘሎና ዘሻቕል ኩነታት ክገልጸላካን ክሕብረካን እንተ ዘይኮይኑ፡ እቲ ዝበልካዮ ምሉእ ብምሉእ እሰማምዓሉ’የ። እንተኾነ፡ ኣብ ስምዒት ከይጠሓልና፡ ምስ’ቲ ሓቀኛ ዝኾነ ወገን ደው ክንብል ይግባእ።”ብዛዕባ ዓሚቑ ኣፍልጦ ጣሂር ኣቡ ፋስ ንምዕባለታት ኤርትራ እናተደነቐ ተዛረበ።
ጣሂር ኣቡ ፋስ ዝነበሮ ምትእምማን እናዛየደ ምስ መጸ፡-“ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ናብ ጽቡቕ ደረጃ ይመጽእ’ሎ። እቲ ብገለ ሸነኽ፡ ኣብ መንጎ ውድባት ኤርትራ ግጭትን ዘይስኒትን ኣሎ ዝብሃል ወረ፡ ሰባት ንምድንጋርን ሓሳባቶም ንምጥምዛዝን ተባሂሉ እንተ ዘይኮይኑ ሓቅነት ዘይብሉ፡ ኣብ ቤላ-ቤላ ዝተሞርኮሰ’ዩ። ቅድሚ ናብ ከሰላ ምምጽአይ፡ ገለ ኣሃዱታት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ ከባቢ ሃገርን ኣፍላግን [2] ኣለዋ። ካልኦት ድማ፡ ኣብ ከባቢ ሰምሃር ዓስኪረን ከም ዘለዋ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ 1965 ሰሚዐ።”
ዘለዎ ሓበሬታ ብዘይ ስክፍታ ገለጸ።
ማሕጁብ ኣልጃዓሊ በቲ ዝሰምዖ ብምሑጓስ፡-“ቅድሚ ሕጂ፡ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ገለ ኣሃዱታታ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ኤርትራ ሰዲዳ ኣላ ዝብል ሓበሬታ ብንጹር እንተ ዘይሰማዕኩ እኳ፡ ገለ ወተሃደራዊ ኣሃዱታት ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ከም ዘዕስከረት ዝብል ሓበሬታን ዘውጸኣቶ ኣዋጅን፡ ኣብ’ዚ ቀረባ እዋን ሰሚዐን ኣንቢበን። እዚ ድማ ንኹሉ ዘሐጉስ ወረ ኾይኑ ረኺበዮ።” ብድፍረት በለ።
ጣሂር ኣቡ ፋስ ምትእምማኑ ኣብ ልዕሊ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ እንዳ ተረጋገጸሉ ብዝያዳ ምስ መጸ፡-“እቶም ናብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝተበገሱ ወተሃደራዊ ኣሃዱታት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ሓደስቲ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዘይትውንኖም ብረት ዝዓጠቑ’ዮም። እተን ብረት ብጻዕሪ ኤርትራውያን ኣባላት ዴሳዊ ሰልፊ ሱዳን ህያብ ዝተለገሳ ከይኮነና ኣይተርፋን እየን ዝብል ተወሳኺ ሓበሬታ’ውን ኣሎ።” ብርድየት ክህቦ ዝደለየ ሓበሬታ ለገሰ።
ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ዕላል ስለ ዝመቐሮ፡ ክቕጽል እኳ እንተ ደለየ፡ ጣሂር ኣቡ ፋስ ክብገስ እናተሃወኸ፡-“ኣይተሓዘለይ፡ ጽባሕ ኣንጊሀ ክብገስ ስለ ዘሎኒ፡ ቁሩብ ተርፉኒ ዘሎ ግዜ ምስ ስድራ ክሕልፎ ስለ ዘሎኒ፡ ክሰናበተካ ኣፍቅደለይ።” በለ ንማሕጁብ ኣልጃዓሊ ኣትኩሩ እናጠመተ።
ክልተኦም ዝነበሮም ድሌት ምቕጻል ከይኾነሎም ዘረበኦም ወዲኦም፡ ብተህዋኽ ኣብ ዝሓሸ ኣጋጣሚ ክራኸቡ እናተመነዩ ተፈላለዩ።
ድሕሪ ሰሙን፡ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ፡ ኣብ መንጎ ገለ ኣሃዱታት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ሓያልን ብርቱዕን ኲናት ተኻይዱ ዝብል ወረ፡ ኣብ ከሰላ ከም ዝተዘርገሐ ምስ ሰምዐ፡ ዘይፈልጦ ፍርሀን ምርባሽን ሓደሮ። ብኣጋጣሚ፡ ኣብ’ታ ዝውንና እንዳ ሻሂ ዝነበሩ፡ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ኤርትራ፡ ብፍላይ ብዛዕባ ወተሃደራዊ ግጭት ኣብ መንጎ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ኣልዒሎም ክዛረቡ ምስ ሰምዖም፡ ብዘይ ፍቓድ ተሓወሶም፡-“ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ኣልዒልኩም ትዛረቡ ኣለኹም ይመስለኒ?” ዝብል ሕቶ ብሃንደበት ኣቕረበሎም።
ሓደ ካብቶም እኩባት ተቐላጢፉ፡-“እወ ኣቶ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ፡ ንሕና ብዛዕባ ኣብ ዓድና ዘሎ ኩነታት ኣልዒልና ሓበሬታታት ንለዋወጥ ኣሎና። ኣብ መንጎ ተጋድሎ

[2] ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከባ ቦታታት።

ሓርነት ኤርትራን ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ረጽሚ ተባርዑ ዝብል ወረ ምስ ሰማዕና፡ ሓቂ ከም ዘኸውን ኣይተጠራጠርናን። እንታይ ክግበር ኣለዎ? ዝብል ብቕጥታ ኣብ ኣእምሮ ነፍሰ-ወከፍና ሰፈረ። እቲ ኩላትና ክይመጽእ እንፈርሖ ዝነበረና ምምጽኡ ኣይተረፎን። እንሆ ካብ'ቲ ዝፈራሕናዮ ኣይወጻእናን።" ንሕቶ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ብቐጥታ መለሰ።
ሓደ ካብቶም ካልኦት ብዕድመ ዝነኣሰ፡ ካብ'ቲ ዝተላዕለ ኣርእስቲ ከይወጸ፡-"ሓቒ'ዩ፡ እቲ ዝተፈጸመ ዘሕዝን'ዩ። እቲ ዝተወረየ ነቶም ኣብ ከሰላን ገዳርፍን ኮይኖም ብታሕጋስ ዝደበሉን ዝፈከሩን ሰዓብቲ ኢትዮጵያ ዘሓጉስ ጥራይ ዘይኮነ፡ እዚ ዝተፈጸመ ሓቂ እንተ ኾይኑ፡ ንረብሓ ሓድነትን ህላወን ኢትዮጵያ እዩ ዝብሉ ከም ዘይተሳእኑ ድማ ክንዝንግዕ የብልናን።" ብስለትን ልቦናን ብዝመልኦ ኣቀራርባ ተዛረበ።
ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ብወገኑ፡-"ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ኤርትራ፡ ብፍላይ ኣብ መንጎ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ዝተወለዐ ግጭት ትፈልጡን ትርድኡን ብምኻንኩም፡ ንዘልዓልኩሙዎ ጉዳይ ከም ዝተረደኣኒ ክሕበር እደሊ። ይኹን'ምበር፡ ጠንቂ እቲ ግጭት እንታይ ከም ዝነበረ ትፈልጥዎ እንተለኩም ከም ትሕብሩኒ በዓል ምሉእ ተስፋ'የ።" ኢሉ፡ ዝያዳ ሓበሬታ ክረክብ ፈተነ።
እቲ ዝዓበየ ካብቶም  ተጋባእቲ ተንሲኡ፡-"በቲ ባዕለይ ዝፈልጦን ካብ ካልኦት ምንጭታት ዝረኸቦን ሓበሬታን መሰረት፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ከም ተጻባኢት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ መጠን፡ ንተጻባእታ ኣድላይን ዘይርሳዕን ትምህርቲ ክትህብ ከም ዝኾነት፡ ንኹሎም ኣባላታ ከይሓብአት እትገልጾ ምስጢር'ዩ ነይሩ። ነቲ ዝተጃሃረትሉ ድማ ኣብ ግብሪ ኣውዓለቶ።" ምስ በለ፡ ግዜ ከየጥፍእ እንዳ ተጠንቀቐ ኣስዒቡ ኣቢሉ፡-"እቲ ግጭት ሕማቕ ኣሉታዊ ሳዕቤንን ክሳራን ገይሩ። ምዝርጋሕ ገለ ኣሃዱታት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ንረብሓ ሰውራን ንምብዳህ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያን ከም ዝኾነ ዝሰሓት ጉዳዩ ኣይኮነን። ምዝርጋሕ ኣሃዱታት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ኣብ መላእ ኤርትራ ሓገዝ ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ከም ዝኾነ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ውድባት ኤርትራ ዘሎ ምስሕሓብ ዘህድእ ወይ ዝኣሊ ከም ዝኸውን ርዱእ እኳ እንተነበረ፡ በቲ ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተወስደ ጎነጻዊ ስጉምቲ ናብ ሕድሕድ ኲናት ዘምርሕ ከም ዝኾነ ብዙሓት ዝሰማምዑሉ ጉዳይን እምነት ኩሉን'ዩ። ዘሕዝን ፍጻመ ካብ ምዃን ድማ ኣይተርፎን።" ብህዱእ መንፈስ ነቲ ዝነበሮ ርእይቶ ኣፍሰሰ።
በቲ ዝተዘርገሐ ወረን ሓበሬታን፡ ሓዘን ኣብ መላእ እንዳ ሻሂ ማሕጁብ ኣልጃዓሊን መላእ ከሰላን ስለ ዝዓሰለ፡ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ዝውንና እንዳ ሻሂ፡ ከም መርኣያ ሓዘን፡ ንሰሙን መመላእታ ክትዕጾ ወሰነ።